


**ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም።**

ሕማቕ ሰሚዔ ዘይተጸበኹዎ ወረ፡
ኣዝዩ መሪር ካብ ዕረ ዝዓርዓረ
ጅግና ከይዱ ኣሎ ኣንተባህለ።

ጅግና ዕጉስ ተሪር እምነቱ፡
ሃገሩ ከገልግል ዘሕለፎ ሂወቱ፡
ሎሚ ተሰዊኡ እንበር መዓስ እሞ ሞይቱ።

ስሙ ይሕብር ጉዕዞ መንገዱ፡
ዕሽል ከሎ ኣብ ግዜ ትውልዱ፡
ግርማ ኢሎሞ ሰምዮሞ እቶም ወለዱ፡

ሃገር ከልብሳ ዝግብኣ ግርማ ፡
ክፍታሕ ኩሉ  ጸገማ፡
ደው ዝብለ ኣብ ቅኑዕ ዓላማ።

ቀናን ፍርዲ  ሕጊ ናይ ሞት፡
ደበኽ ትብል ኣብ ዘይተጸበኻዮ ህሞት፡
መንጢላ ትወስድ ነቲ በዓል ሓሞት።

ጅግና ኣይነብርን ታሪኹ ከም ዝተባህለ፡
እንሆ ሕጅውን ተባዕ ተመንጠለ፡
ታሪኹ ግን ነባሪ”ዩ ብጽቡቕ ዝልለ።

ጣዕሳ የብልካን ኩቡር ኣምባስሳደር፡
መኪትካዮ ኢኻ እቲ ኩሉ ገደል፡
ኣመስኪርካ ኤርትራ ከምዘይብላ በደል።

እሞ ካብ ሰዓረ ፍርዲ ተፈጥሮ፡
ምስመን ክማጎት ንመን'ከ እግባይ ክብሎ፡
ቅሰን ክንቅጽሎ ኢና እቲ ናትካ ውዕሎ።

ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር፡
ህግደፍ ሳን ሆዘ።